# ንተስፋና...

ብጴጥሮስ ተኽሉ፡(ሓላዪ)31/05/2010

ከምቶም ጥፍኣትና ዝምነዩ፡ዘይድቅሱ ድኽመታትና ከለልዩ

ኣብ ታሕቲ ሰራውርና ከንቅጹ፡ኣብ ላዕሊ ጨናፍርና ክቖርጹ

ኣብ ሕቕፎና ዝሓንቀቑ ፡ግን ወግሐ ጸብሐ ንጥፍኣትና ዝራቐቑ፣

ብሓድነትና ዝጉህዩ ብትርናዐና ዝሽምረሩ፡ብምሕያልና ዝስከፉ ብተወፋይነትና ዝቕምርሩ

ክንደሻዕ ክንሓዝሎም ክንብሎም እርሩ፡ፍኑው ግደፍዎም ድላዮም ይግበሩ

ከምኡዮም ለሚዶም ብልምዶምዶ ከይሓፍሩ፣

ንተስፋና ከምኦም ክብንቁሱ

ብሽርሒን ብጉርሒን ዝቃልሱ

ዝተጸመምናዮ ምዓስ ንኢሱ

ኣየታለለናን ግን ሰቲሓሶት ተነስኒሱ፣

እልልታ ክፉኣት ሰባት ሓጺር ዘየስምዕ፡ ዘሎ ኣብ መንጽር

ሓጎስ ሕሱማት ቕጽበት ዓይኒ፡ ንክሊኢት'ካ ዘየሰኒ

ቓሕሰም ኢልካስ ሃኝጊ፤ ክመይ'ሉ ንጹሃት የጋጊ

ስለዘሎ ምርብራብ ዘየዳግም ፡ዘይምዝራብ

ከም ዕሻሽ ንሓዋሩ ምዓስ ይጠፍእ፡ ክመጸካዩ እንዳበለ ውልዕ ጥፍእ

ከም ሕልሚ ዝበርር፡ ከም ራእይ ዝበንን

ዝነይጭበጥ፤ ንዘይከውን ሓሳብ ኣይንወግን

ንተስፋና፡ቶምሰብ ሕላና፡ ዋዕላ ይበሉ ንፍትሒን ሕግን

ብሕጊ ብስርዓት ብዘይ በትሪን ዘንጊን።